# ሃይማኖታዊ ገጽ

🌿 **መእተዊ፥** እምነት እምነ መሰረት ናይ መንነትናን ናይ ተስፋና እጓመ ወይ ቡቕሊ ናይ ተስፋንን እዩ። እምነትና ንብእመንት ዝተበገስናሉ ዝኾነ ቅኑዕ ጉዳይ ብተስፋ የቖጽለና። ከም ናይ ኦርቶዶስ ተዋህዶ ሃይማኖት ኣመንትን ሰዓብቲ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያንን ሓይልናን ጽንዓትናን ቀጻልነትናን ካብቲ ካብ ወለድና ዝወረስናዮ ናይ ህዝብና ሂወት ንዘመናት ዝሃነጸ ሃይማኖትና ኢና እንረኽቦ።

እምነትናን ሃይማኖታዊ ተሳትፎና ከምዚ ኮይኑ፣ ተልእኾና ግን ኣብ እምነት ዘሎዉ ዝተፈላለዩ መጸውዒ ዘሎዎም ሃይማኖታትን ወይ ዶግማታት መሰረት ንምፍልላይ ተበግሶና ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ተበግሶና ኩሎም ኣመንቲ እግዚኣብሔር ብሓባራዊ ሰላማዊ ሓቢርካ ምንባርን ሓባራዊ ምክብባርን ብልዙብን ልኡምን ዝኾነ ዝርርብን ክትዕን ክቕበሉን ምትብባዕ እዩ። እዚ ኸኣ ከውሓዊ እምነ መሰረት ናይ ኩሎም ኣመንቲ ህዱእ መንፈስ ብምትሕብባርን ብሓድነታዊ ጻዕሪ ሰላማውን ሓድነታዊ ሓልዮትን ንኢርትራውያንን መላእ ህዝብን ኣብ ሰላም ፍትሕን ሰብኣዊ ኣኽብሮትን ንምምዕባል እዩ።

ሃይማኖታዊ ጽሑፋትና ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ጽኑዕ እምነትና ከንጸባርቕ ግን ከኣ ናይ ካልእ ኩሉ ሰብ ሰብኣዊ ኣኽብሮት ብምኽባር እዩ። ዝኾነ ወንጌላዊ ወይ ቅዱስ መጽሓፋዊ ጥቕስታት፣ ውርሻዊ ኣገባን ኩሉ መንፈሳዊ ሂወትን ብ ኣኽብሮታዊ ትሕትና ነቲ ኩሉ ግዚ ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ጸዋዒት ሰላም ምድንጋጽን ሓድነትን ም኿ኑ እንዳ ዘከርና እዩ።

ተልኦኻና ነቲ ወለድና መንፈሳዊ ክቡር ውርሻታት ማለት ሓቅነት፣ ንዓበይቲ ኣኽብሮትን፣ ፍቕሪ ንማሕበረ ሰብናን ብምብርባር እዞም ውርሻታት እዚኣቶም ንዝሓሸ ሰላማዊት መጻኢት ኤርትራ ከብጻሓና እዩ።

## 🌱 እምነትን ፣ ውርሻዊ ባህሊ ፣ ኣብ ማሕበረ ሰብ፡

ሃይማኖት ኣብ መዓልታዊ መነባብሮን ሂወትን ኣብ መብዝሕትኦም ኤርትራውያን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ኣብ ዛራ ሰላም ሚድያ ፥ ነቲ መንፈሳዊ ውርሻ ናይ ህዝብና ነኽብሮ። ኣብዚ ኣኽብሮት'ዚ ተሞርኲስና ድማ ነቲ ሓባራዊ ዋጋታትና ንምልዓልን ምምሃርን ምሕያልን ተበግሶና ንገብሮ።

## 🌿 ኣትኩሮና፡

### 🌱 ነ ዞም ዝስዕቡ ንፍትሾም፡

- ምብራህ ውርሻታት ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እምነት
- ነጸብራቓት መንፈሳውነት ኣብ መዓልታዊ ሂወት
- ማሕበራዊ ሰባዊ ኣገልግሎት፣ መሪሕነትን ሞራላዊ ሓላፍነትን
- ሃይማኖታዊ በዓላትን ተረኽቦታትን ፣ ታሪኽን ባህላዊ መንነትን

## 🌿 መትከላዊ መርሆና፡

እምነት ከሕብረናን ናብ ሓድነት ከምጽኣናን እንበር ክፈላልየናን ክመቓቕለናን ኣይግባእን። ብኣኽብሮትን ህዱእ ምስትውዓልን ብእነቅርቦ ትሕዞታት ንመንፈሳዊ ምዕብልናን ዕቤትን ነቲ ሃይማኖታዊ ውርሻታትናን ዝዓሞቐ ኣኽብሮት ክነተባብዕ ኢና።